WANotify.org/Tigrinya

# እቲ ናይ WA NOTIFY ብኸመይ ኢዩ ዝሰርሕ

ናይ ዋሺንግቶን ምውጻእ ምልክታታት (WA Notify)፡ ነዚ ምስፍሕፋሕ ናይ COVID-19ኣብ ምግታእ ኣዝዩ ኣገዳሲ መሳርሒ ኢዩ። ልክዕ ከም ማስክ ምጥቃም፡ ርሕቀት ምሕላው፡ ብብዝሒ ዘይምእካብ፡ WA ሓበሬታ ውን ን ኮሚኒቲና ኣብ ምሕላው ዝጠቅም ኣዝዩ ቀሊል መሳርሒ ኢዩ።

WA Notify ኣብ ስማርት ተሌፎናት ኢዩ ዝሰርሕ፡ እዚ ድማ ናይ ውልቂ ሓበሬታ ብዘይ ምምሕልላፍ ኢዩ፡ ቀንዲ ዕላማ ድማ ንተጠቀምቲ COVID-19 ተቃሊዕም ከይህልዉ ንምሕጋዝ ኢዩ **ኢዩ። እዚ ሙሉእብሙሉእ ውልቃዊ ኢዩ፡ ኣብ ዝሃለኻ ሃሊኻ ድማ ኣይከታተለካን ኢዩ፡ ኣይፈልጠካን ውን ኢዩ።**

መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ነዚ ናይ ምቅላዕ ምልክታታት ብብዝሒ ዝጥቀሙ ሰባት ዝዓበየ ደገፍ ከም ዝረኽቡ የመልክት። ኣብ ዋሺንግቶን ክፍላተ-ግዝኣት ዝተገብረ ሞዴል ከም ዘመልክቶ፡ ወላውን ውሑዳት ሰባት ናይ WA Notify ተጠቀምቲ ምስ ዝኾኑ ነቲ ምምሕልላፍ ናይ ለበዳ ከጉድሎ ይኽእል ኢዩ።

## WA NOTIFY ናብ ቴሌፎንካ ጸዓኖ

**ኣብ iPhone:**

1. ናብ Settings ኪድ
2. ናብ Exposure Notifications ዝብል ኪድ
3. “Turn On Exposure Notifications” ዝብል ጠውቕ
4. United States ምረጽ
5. Washington ምረጽ

**ኣብ Android phone'ካ:**

1. ኣብ Android ቴሌፎንካ፡ ናብዚ ኪድ Google Play Store
2. WA Exposure Notifications ኢልካ ብምፍታሽ ነታ ኣፕ ክትረኽባ ኢኻ
3. ነታ Washington Exposure Notifications app ትብል ጸዓና

## እታ WA NOTIFY ናብ ቴሌፎንካ ምስ ጸዓንካያ

### ነቲ ምልባዕ ናይ COVID-19 በዚ ኣገባብ ኢያ ትሰርሕ፡

1



ክልተ ሰባት ነቲ ናይ WA Notify ንጡፍ ምስ ዝገብርዎ ኣብቴሌፎኖም፡ ኣብ ዝተቀራረበ ርሕቀት ድማ ምስ ዝህልዉ፡ ቴሌፎናቶ ብሉቱዝ ብምጥቃም ዝመሳሰልን ስዉርን ሓበሬታ ኮድ ይቀያየራ። እቲ ኮድ ኣዝዩ ምስጢራዊ ኮይኑ፡ ዝኾነ ናይ ውልቂ ሓበሬታ ወይ’ውን ናይ ዘለኻዮ ቦታ ሓበሬታ ኣየዝርቑን ኢዩ።

2




ኣብ ዋሽንግቶን ሓደ ውልቀሰብ ምስ ዝልከፍ፡ እቲ ናይ ህዝቢ ጥዕና ምምሕዳር ድማ ምስ ዝፈልጥ፡ እቲ WA Notify ዝጥቀሙ ከም ሙኻኖም ብምርግጋዝ ናይ መረጋገጺ ኮድ ድማ ይህቦም።

3



እቲ ልኹፍ ሰብ ድማ ነቲ ናይ መረጋገጺ ኮድ ናብ WA Notify የእትዎ። እዚ ድማ ውልቃዊ ኢዩ።

4



ዝኾነ WA Notify ዝጥቀም ሰብ ምስ ዝኾነ ልኹፍ ናይ COVID-19 ተቀራሪቡ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ዝሓለፈ 14 መዓልታት፡ ሓደ ዝተመስጠረ ሓበሬታ ምናልባት ተለኺፉ ወ ድማ ተቓሊዑ ከይከን ናይ ቴሌፎኑ ይለኣኾ።

5




እዚ ምልክታታት ናይ ሓበሬታ፡ ኣብ መጻኢ ውን እንታይ ዓይነት መንገድታት ክትጥቀም ከም ዘለካ ዝሕብር ሓብሬታ ዝሓዘ ኢዩ። ኣየናይ ውልቀሰብ ተለኺፉ ኣሎ ወይ ውን እቲ ምቅላዕ ኣበየናይ ቦታ ከም ዝነበረ ዝኾነ ሓበሬታ ኣይዕቅብን።